# መርድእ ወርሒ፣ ጉንበት!!!!




መርድእ ወርሒ ግንቦት

ንወለዲ ደቁ ዘስኣነት

ዘይነጽፍ ንብዓት ዘንብዔት

ደቁ ኣሲና ኣብ ብኽያት ዘንበረት

ቀባር ብምስኣኖም ወለዲ ዘሕዘነት

ብኻ ኣይመጸት ወርሒ ጉንቦት

ነዡይ ድዩ ነይሩ እዚ ኹሉ ከርተት።

ዘበነ ጸነተ፡ ዘበነ ባርነት፡

ዘበነ ጥምየት ዘበነ ህልቀት

ኤርትራ ምንም ዘየዕበየት

ዓመት ክቑጸር ብጉንበት

ትኽይድ፡ ትምለስ ታጉንበት

ዝሓለፈ ይድገም ኣብ ጉንበት

ሽፍታ ስርዓት ጥራዕራዕ ይሽመት

እና ራኣያ! ኣዒንቲ ይዕመት

እናእወየ! ወድሰብ ይኽትከት

ረዳኢ ዘይብሉ ህዝብና ይዝመት

ግንቦት ትኸይድ ትምለስ ታጉንበት
ወድ ሰብ ይቕዘፍ፡ ይመውት ሳኣን ክተት
ዝመርሕ ተሳኢኑ ሓደ ብዓል ሓሞት
ህዝብና ይነብር ኣብ ሃገሩ ኣብ ባርነት።

ዓመታት ይሓልፍ ብኸርተት
ኣብ ዓዲ ዘሎ ይነብር ብዕስክርነት
ዝኸፈሎ ዘይብሉ ኣብ ባርነት
ዓቕሊ ምስ ጸበቦ ብኸልበትበት
ዕሕሕሕ!! ንዝበል ይእሰር ይኽትከት
ዝጨከነ ዓዲ ራሕሪሑ ናብ ስደት።

ወርሒ ጉንበት ትመጽእ ትኸይድ
መንእሰይ ኣእሙሮኡ ሓሳቡ ከየዋድድ
ንእስነት ይውዳእ ቀልጢፉ ይኸይድ
ተመርዒኻ ተዓሰብ በብግዜኡ ይስውድ
ጭኮናን፡ መግዛእትን ኣብ ሃገርና የኹድድ
ምስ ጸበቦ ንስደት ይስጉም የንጎድጉድ።

ከብዲ ኣደ ጉራምራ! ክፍል ህዝብና
ኣብ መቓብር ኣሕዋት ዝቑነና
ገልገል ይመርጹ ጨናመና
ሃገር እናበረሰት ይብሉና ሰልጢና
መንእሰይ ሃጽ ይብል ጸጊቡ ይብሉና
ንማእሰርት ከም ፈብሪታት ይነግሩና
ብሓሶት ሲንጋፖር ሃኒጸምልና
ኤርትራ ትነብር ኣብ ሕልምና

መከራ ህዝቢ ዘይግድሶም ኣሕዋትና
ብተበለጸቲ ተቖሪና ሃገርና
ጨካናት በላዕቲ ሰብ ነጊሶሞ! ዓድና።

ዕስራን ሽውዓት ዓመት መርድ ዘይኸብዶ
ዝጸዓንካ እንተጸዓንካዮ ጭቖና ዘየሰንብዶ
ገዛኡም ዘይርከቦ ከም ቀደም ጉድጉዶ
ጥሪት በሪሰን ስኣን ዝሕልወን ኣየ!! ጋዶ!
መጽዓን ጠፊኡ እንከላይ ማእዶ
ወድ ሰብ ይእሰር ፈቖዶ ጎጋድጉዶ
ኣብ ማእሰርቲ ይሓቕቕ ይነድድ ብጉድጉዶ
ናይ ኤርትራ ጉድ ንዓለም ዘሰንበዶ
ኤርትራዊ ኣበይ እሞ! ኣላ ሃገር ዘይተሰዶ
ሓልፍነት ዘይስምዓም ይብሉና ሲኣየኤ ወሰዶ
ጨካን ሕብረተ ሰብ ንህዝቡ ዝሓርዶ
ኢሰያስን ሰዓብቱን ንህዝብና ኣንደዶ።

ብላሽ ባጀላትት ኤርትራ
እንተፈታሕካ ጥራሕ ጃህራ
ንምንታይ ከም ዝተማህረ ዘይቐጽራ
ተማሂሩ ዘየብር ኣብ ገነኢ ዝሰፈራ
ንኸብዱ ዝነብር ኣረቂ ምስ ቢራ
ሲንጋፓርዶ! ተሃኒጻ ኣሕዋታ ቐቢራ
ናህና ነገር ዘይብተኽ መፈንጥራ
ሕጂከ ገለን ይዕጠቑ ሰብ ሽራራ
ዲኽነትን ጥምየትን ኣብ ኤርትራ
ከም ሽሮ ቶኽቶኽ ዋዒ ዘሸከርክራ

**ባርነት ጸነተ ጥምየት ሃገርና ኣሕረራ።**

**ኢሳያስን ህግደፍ ዝተኸልዋ ባንደራ**

**ንህዝባ ዘይትኸውን በጀካ መከራ**

**ብሓለጊ ጥምየት ሰብ ወዲኣቶ ፈራ**

**ህዝብና ሰውነቱ ጠውሊጋ ዓቢራ**

**ኮለነል ኤርትራ ይነብር ኣብ ዓፍራ**

**ክስዕስዕ ዝሓድር ምስ ህዝጻናት ኣመንዝራ**

**መግዛእትን ባርነትን ንጭውነት ምስ ቀየራ**

**ዕስራን ሽውዓት ዘበነ ሕሰም ምስ መከራ!**

**ዝዓበየን ዝነኣሰ ዝዋረድ ወድ ሰብ ዝይኸብራ**

**ፍትሕን ሰላም የውርደልኪ ሃገርይ ኤርትራ።**

**ፍትሒ ይንገስ፡ ምልኪ ይፍረስ!!!!!**

**ሃይለ ገብረትንሳኤ**

**ዘብሄረ ሰራየ ኢንድያናፖሊስ ኢንድያንስ 22ግንቦት 2018**